ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.ex@gmail.com

## መግለጺ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
## ብኣጋጣሚ መበል 63 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ቦታታት፡ ብዓቢ ክብርን ሓበንን፣ ከምኡ'ውን ካብዚ ገባቲ ጉጅለ ንኸላቐቕ ብዘለዎ ተስፋን ሃረርታን፣ ዝኸሪ መበል 63 ዓመታት ነቲ ብመሪሕነት ስዉእ ጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ብሓደ መስከረም 1961 ዝተበገሰ ብረታዊ ቃልሲ ብክብ ዝበለ ደረጃ ኣብ ምብዓል ይርከብ።

ህዝብና፣ ክቡር ዋጋ ከፊሉ ናጽነት ሃገሩ ኣረጋጊጹ ከብቅዕ፣ ኣብ ሃገረይ ከቢረ ብሰላም ክነብር ኢየ ዝብል ሕልምታቱ ብቲ መስዋእቲ ጀጋኑናን ክቡር ቃልሲ ህዝብና ጠሊሙ ስልጣነ ዝበሓተ ገባቲ ስርዓት ንልዕሊ 33 ዓመታት ኣደዳ ግፍዕን ሓሳረ መከራን ኮይኑ ኣሎ።

ናጽነት ምስ ተረጋገጸ፣ ህዝቢ ኤርትራ ቁስሉ ኣብ ክንዲ ዝፍወሰን፣ ንኩሉ ተቃላሳይን ዝተሰደደ ኤርትራውን ናብ ሃገሩ ኣብ ክንዲ ዝመልሰን፣ ብኣንጻሩ ኣብ ዘመነ ናጽነት ብሰንኪ እቲ ሓላፍነት ዘይስምዖ ጸረ ሓርነት ዝኾነ እከይ ተግባራት ዲክታቶሪያዊ ስርዓት፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓዲሽ መከራን ስደትን ተሸሚሙ ምህላዉ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ።

ክዉን ዝገበረ እቲ ኣብ ባሕቲ መስከረም ዝተበገሰ ታሪኻዊ ጉዕዞ ሰውራና፣ ጸገማትን ዕንቅፋታትን እኳ እንተ ኣጓነፈ ኣብ ሞንጎ ፖለቲካውን ሕብረተሰባኣውን ሃይማኖታዊን ወገናት ሕብረተሰብ ኤርትራ ናጽነትን ዲሞክራስን ሰላምን ፍትሕን ዘረጋግጽ፣ ብሓባር ናይ ምንባር ዝሓሸ ዕድል ንምፍጣር ዝካየድ ቃልሲ ክቅጽል እዩ ።

ህዝብና ምስ ህዝብታት ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ሰናይ ጉርብትናን ሓባራዊ ጠቅምታትን ዝተመስረተ ዝምድና ንምፍጣር ዝብህግ ህዝቢ እዩ። ህዝብታት ጎሮባብቲ ሃገራት'ውን ብወገኖም፣ ተመሳሳሊ ድልየትን ዕላማን ክህልዎም ተስፋ ንገብር። ኩሎም ጎረባብትና መሬትና ንምድፋር ይኹን፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ጸገማት መዝሚዝካ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቱ ንምእታዉ ካብ ዝግበር ፈተነታት ክቁጠቡ ንጽውዕ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዞባዊ ይኩን ኣብ ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ዕዳጋታት ዝሸየጥን ዝልወጥን ሃላኺ ኣቕሓ ከም ዘይኮነ ክፍልጡ ንደሊ።

ኣብዚ ክቡር ሃገራዊ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዕላማታት ሓደ መስከረም ብምሉኡ ክሳብ ዝረጋገጽ ቃልሱ ብዕቱብን ብተወፋይነትን ክቕጽሎ ምዃኑ መብጻዓኡ ብምሕዳስ፣ ንኹሎም ፖለቲካውን በርጌሳውን ሃገራውያን ሓይሊታት፣ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ንምእላይን፡ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምምጻእን ዝዕላመኡ መደባት ንምዕዋት ዓቕምታቶም ከጥርንፉን ሓባራዊ ቃልሶም ከዕዝዙን ይጽውዕ። ካብዚ ስራተጂካዊ ኣመላኽታ'ዚ ብምብጋስ፣ ውድብና ኣብ መደባቶምን ፖለቲካዊ ዝንባለታቶምን ምስ ዝሰማምዑ ውድባትን ሰልፍታትን ሓድነት ንምርግጋጽ ብትግሃት ክጽዕር ጸኒሑ እዩ። ሳላ'ቲ ውድብናን ኣሓት ውዳበታትን ዝገበርዎ ጻዕሪ ድማ፡ ሰለስተ ተቓለስቲ ውድባት ድሕሪ መሰጋገሪ መድረኽ ሓደ ውድብ ንምቛም ኣብ ስምምዕ በጺሖም። መስርሕ ሓድነት ኣብ ዕላምኡ ንምብጻሕ ድማ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ልፍንቲ ተመስረተ። እዚ ቆይሙ ዘሎ ልፍንቲ ድማ

*ነቲ ኣብ መንጎ ሰለስቲኦም ውድባት ዝተበጽሐ ስምምዕን ውዕላትን ናይ ምትግባር ሓላፍነት ክስከም ኢዩ።*

*ከምኡ'ውን ነቲ ብዙሓት ሃገራውያን ሓይሊታት ጠርኒፉ ዘሎ ጽላል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምሕያልን፣ መሪሕ ሃገራዊ ተርኡ ብምጽዋት፣ ነቲ ህዝብና ዘማዕድዎ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ክበቅዕና ናይ ግድን ኢዩ ካብ ዝብል መትከላዊ መርገጹ ብምንቃል ጻዕርታቱ ከዕዝዝ ምዃኑ ውድብና ደጊሙ የረጋግጽ። ኩሎም መሓዙት ውድባትን ማሕበራትን ኣባላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፣ ነዚ ውጽኢት ነዊሕ ዓመታት ቃልሲ ዝኾነ ጽላል ኣብ ምዕቃብን ሃገራዊ ተርኡ ኣብ ምዕዛዝን ኣበርቲዖም ክቃለሱ ጽዊዕትና ነቕርብ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣብዚ ቀረባ እዋን ንኺጋባእ ኣብ ምቅርራብ ዝርከብ ሳልሳይ ጉባኤ ኤሃባደለ ንምዕዋት ልዑል ኣስተዋጽኡ ክገብሩ ንምሕጸን።*

*ኣብ ኩሉ ቦታታት ዝርከብ ህዝብና ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ከኣ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ስርዓት ህግዲፍን ከምኡ'ውን ኣባላት ምክልኻል ሓይሊታት ኤርትራን፣ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምእላይን፣ ሓርነትን ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈና ሃገር ንምህናጽን ሃገራዊ ሓላፍነቶም ብምልዓል፣ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብና ኣድማዒ ግደ ክጻወቱ እትሪርና ንጽውዕ ።*

*ዓወት ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ !!*
*ውድቀት ንዲክታቶሪያዊ ስርዓት !!*
*ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትን !!*

*ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*1 መስከረም 2024*